# ቃል ሓዘን



## ሓርበኛ ነባር ተጋዳላይ
## ወልደስላሴ ገብረመድህን

ሓውናን ብጻይናን ነባር ጅግና ተጋዳላይ ወልደስላሴ ገብረምድህን ድሕሪ ነዊሕ ሕማም ትማሊ ዕለት 6 ታሕሳስ 2018 ኣብ ከተማ ፊኒክስ ኣሪዞና ሲ.ኣሜሪካ ዓሪፉ፡ እዚ ዘሰምብድ መርድእ ምስ በጽሓና ዓቢይ ክሳራ ሓደ ጅግና ክሳራ ስድራ ቤትን ህዝብና ሃገርን ኤርትራ ዝኾነ ሞት ብጻይናን ወልደስላሴ መላእ ኣባላትን መሪሕነትን ሰዲህኤ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን ተኻፊልቲ ምኻና ንገልጽ። ጅግና ሓርበኛ ተጋዳላይ ወልደስላሴ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ መጀመርያ ንምእንቲ ነጻነት፡ ዝሓለፈ 27 ዓመታት ከኣ ደኺመ ከይበለ ብዝሓደሮ ሕማም ከይተሰነፈ ንፍትሓዊ መሰል ንህዝቡን ሃገሩን ብቕንዕና ትብዓትን ኪቃለስ ዝጸንሐ ታሪኽ ዘይርስዖ፡ ክብሪ ሓበን ኮርዓት ስድራ ቤቱን መቃልስቱን እዩ።

ሞት ጅግና ሓርበኛ ተጋዳላይ ወልደስላሴ ገብረመድህን ንስድራ ቤቱን ከምኡ ደኺመ ዘይብል ኒሕን ሓቦን ዝመልኦ ቃልሱ፡ ዓብይ ክሳራ ህዝብን ሃገርን መቃልስቱን መሓዙቱን'ዩ። ሰዲህኤ ንሞዋቲ መንግስተ ሰማይ የዋርሶ፡ ንመላእ ስድራ ቤትን፡ መቃልስቱን መሓዙትን ከኣ ጽንዓት ይሃቦም ይብል።

ካብ
መላእ ኣባላት
መሪሕነትን ሰዲህኤ
7 ታሕሳስ 2018